# Union of Tigreans in North America (UTNA)
## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
UTNA67@verizon.net

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

05/28/2009

## ሃገራዊ በዓል ዕለት ጉንበት 20 ኣመልኪቱ
## ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝወፀ መግለፂ

ዕለት ጉንቦት 20 እቶም ሕሉፋት ድሑራትን ዘይፍትሓዊን ስርዓታት ዘብፅሕዎ ዝነበሩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ዘስካሕኽሕ ብሄራዊን ደርባዊን ፅዕንቶን ግፍዕን ካብ ስረ መሰረቱ ንምምሓው ኣብነታዊትን ታሪኻዊትን ርችት ፋና ሓርነት ኣብ በረኻ ደደቢት ብምውላዕ ካብ ሰሜን ክሳዕ ደቡብ፣ ካብ ምብራቕ ክሳዕ ምዕራብ ኮታስ ድፍን ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ተነቓቒኑ ናይ ቃልሲ ተሞክሮ ሰኒቑን ከም ሓደ ህዝቢ ቋንቋ ሓርነት ተዛሪቡ ፃምእ ዘላቒ ሰላም፣ ፍትሒን ዴሞክራሲን፣ ሃንቀውታ ልምዓትን ዕብየትን ብቓልሱ ኽረጋግፅን ኽርዊን ከምዝኽእል ሙሉእ ብሙሉእ ብምትእምማን ን17 ዓመታት ሙሉእ ኣብ ዘካየዶ ርብርብ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ፣ ምእንተ ህዝቡ ክኽፍሎም ዝግብኦ ኽቢድን መተካእታ ዘይብሉን ግናኽ ኽቡርን ንውሉድ ወለዶ ዝሰግር ብደም ቀለም፣ ብብርዒ ኣዕፅምቲ ጀጋኑ ዓሰርተታት ኣሽሓት ደቂ ህዝቢ ተፃሒፉ ንዘልኣለም ኣብ ናይ ታሪኽ መዝገብ ዝነብርን ንህዝብታት ዓለም መምሃራይ ተሞክሮ ዘበርከተሉ ብመስተንክራዊ ፍፃመ ዝዛዘመሉ ዕለት እዩ፡፡

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

- ነቲ ኣብቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብኣካል ብምስታፍ ብሚልዮናት ዘይትትካእ ኽቡር ህይወቱን ኣካሉን ምእንተ ረብሓ ህዝቡ ኣሕሊፉ ዝሃበ ተቓላሳይ ኢትዮጵያዊ ጅግና ብኣካል እኳ እንተዘይተዓደለ ብመንፈስ ኩሉ ሻዕ ምሳና ብምዃኑ ክብሪን ሞገስን ይብፀሓዮ ይብል፣
- ነቲ ምእንተ ምርግጋፅ ሰላም፣ ፍትሒን ዴሞክራሲን ሃገራዊ ዕብየትን ልምዓትን ዝተገብረ ቓልሲ ንብረቱ፣ ጊዚኡ፣ ገንዘቡ፣ ጉልበቱን ኣብ ከይዲ እቲ ቃልሲ ብቐረባ ኮይኑ ኩለመዳያዊ ድጋፍ ዝገበረ ህዝቢ ቃልሱ፣ ድኻሙ፣ መስዋእትነቱን ኣካላዊ መጉዳእቱን ብዓወት ዝተደበሰላ መሰረት ብሩህ ተስፋ ዝኾነ ዴሞክራሲያዊ ሕገ መንግስቲ ተግባራዊ ኮይኑ ናይ ብሄር ብሄረሰባት፣ ሰብኣዊን ዴሞክራሲያዊ መሰላት ንኽረጋገፅ እምነ ኩርናዕ ዝተቐመጠላ ዕለት ጉንበት 20 በብዓመቱ ብድምቀት እንተኽብር ዝስምዖ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ብስም ማሕበሩን ኣባላቱን ከምኡውን ሙሉእ ትግራዋይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካ እናገለፀ እዚ ብዋዛ፣ ዘቐራን ልመናን ከይኮነስ ብኽቢድ መስዋእቲን ኣካላዊ መጉዳእቲን ኣሽሓት፣ ውድመትን ብርሰትን ንብረትን ጥሪትን ህዝቢን ሃገርን ዝተረኽበ ዓወት ብምዕቃብ፣

ሀ. እዚ ዓወትዚ ዘላቒነት ከይህልዎ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተመሊሱ ናብ ዝነበሮ ዘይፍትሓዊ፣ ራዕዲ ሽበራ ዝተመልኦ ስርዓት ባርነት ንምምላስ ካብ ተራ ትምክሕታዊ ፅልኣትን ፀቢብነትን ዝብገስ ናይ ውሽጢ ሃገርን ወፃኢን ፀረ ህዝቢ ፕሮፖጋንዳ ኣትሪርና ክንቃለስ፣

ለ. ኣብ ሃገርና ዝኒአ ሰናይ ጉዕዞ ጅማሮ ሰላም፣ልምዓትን ዕብየትን፣ ፍትሒን ዴሞክራሲን ንምድጋፍን ዝርአዩ ሕፅረታት ኣብ ምእላይ ድማ ዓቕምና ዝፈቕዶ ኣዎንታዊ እጃምና ንምውፋይን ምስ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ሓቢርናን ኢድን ጓንቲን ኮይንና ንክንሰርሕ ፃውዒትና እናቕረብና ንኹሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ እንኳዕ ናብዛ ናይ ዓወትን ቀዳዲት ፋና ዕብየትን ሓርነት ዝኾነት ዕለት ጉንበት 20 ብሰላም ኣብፅሓኩም መልእኽትና ነመሓላልፍ፡፡

ማእኸላይ ቤ/ፅሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ
ሜይ 28/2009